## ሓጸርቲ ዜናታት

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 22.04.2007

1. ናስር ሓጅ ሓሰቡን ኣምኒኤልን ዝተባህሉ ክልተ መራሕቲ መኻይን፡ ኣብ በዓላት ተልኮክ ንዝሳተፍ ዝነበረ ላዕለዋይ በዓል-መዚ መንግስቲ ኤርትራ ሒዞም ኣብ ሱዳን ዑቕባ ከምዝሓተቱ ተፈሊጡ። ተልኮክ፡ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ኣትርከብ ዓዲ ኮይና፡ እቲ ኣብኡ ዝካየድ ዝነበረ በዓላት ድማ፡ ብምኽንያት ምጅማር ትግባረ ስምምዕ ሰላም መንግስቲ ሱዳንን ተቓወምቲ ግንባር ምብራቕ ሱዳንን ምዃኑ ተረጋጊጹ።
2. እቲ ብኮር ዝፍለጥ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሱዳን፡ ንኹሉ ንኤርትራውያን ስደተኛታታት ክቕርቦ ዝጸንሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከም ዘቋረጸ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ዝተቛረጸ ኣገልግሎታት ድማ። ኣገልግሎት ትምህርትን ኣቕርቦት ዝስተ ማይን ረድኤትን የጠቓልል። ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ድማ ሕጽረት ባጀትን ምወላን ሚኻኑ ይጥቀስ። ተቐማጠ ናይዘን መዓስከራት፡ ሽማግለታት ብምቛም እቲ ዝውሃቦም ዝነበረ ኣገልግሎት ክምለሰሎም ጥርዓኖም ንኣመሓዳሪ ከሰላን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ኪዳንን ከምዘቕረቡ ተፈሊጡ ኣሎ። ካብ ገለ-ገለ ወገናት ዝተረኽበ ምንጭታት ድማ፡ ምቍራጽ ናይዚ ኣገልግሎታት እዚ፡ ምስቲ ተወሲኑ ዘሎ ዑደት ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናብ ሱዳን ዝተኣሳሰረ ምዃኑ የተንብሁ። እዚ ድማ፡ ኮር ሓላፍነት ናይዘም ስደተኛታት ንውዱብ ሑቡራት ሃገራት ከረክብ ስለዝደለየ'ዩ ዝብል ትንታነ ውን የቕርቡ። ብኻልእ ወገን ከኣ፡ እዚ ኣጋጥሙ ዘሎ ቅልውላው ምሕዳስ ዓመታዊ ኲንትራት ሰራሕተኛታት ኮር ዘምጽኦ ምዃኑ ዝእምቱ ሸነኻት ውን ኣለዉ። ቀዋሚ ሰራሕተኛ ፡ እንተደኣኰይኑ፡ ድሕሪ ምውዳእ ኣገልግሎቱ መሰሉ ስለዝሓትት ኣብ ክንዲ'ዚ ገንዘብ መታን ከይከፍሉ ዓመት-ዓመት ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ምቝጻር ስለዝመርጹ ኢዮም ዝብሉ ውን ኣለዉ።